*Tigrinja*

**ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ**

ካብ 6 ክሳዕ 18 ዓመት ንዝዕድሚኦም ኩሎም ቈልዑን መንእሰያትን ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ናይ 1000 ክሮነር ካርድ ክረኽቡ እዮም። ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ፡ ኣብ ቀዋምን እተወደበን ናይ መዘናግዒ ንጥፈታት ንምስታፍ ክትጥቀመሉ ተባሂሉ ዝወሃበካ ናይ ህያብ ካርድ እዩ።

ሊለሃመር ሓንቲ ኻብተን ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ ዝፍትና ኮሙነ ክትከውን እያ። መንግስቲ፡ እዚ ካርድ እዚ ብሃገር ደረጃን ብቐዋምን ክወሃብ መደብ ኣለዎ። ሊለሃመር ከኣ ሓንቲ ኻብተን እዚ መደብ እዚ ብኸመይ ክውደብ ከም ዝኽእልን መፍትሒ ዘድልዮ እንታይ ጸገማት ክህሉ ኸም ዝኽእልን ዝፍትና ኮሙነታት ክትከውን እያ። እቲ ናይ ፈተነ እዋን ምስ ተወድአ እንታይ ከም ዝውሰን ዘይንፈልጥ እኳ እንተ ኾንና፡ ኣብዚ ናይ ፈተነ እዋን ግን ኣብ ሊለሃመር ዝርከቡ ቈልዑ ነዚ ኣጋጣሚ እዚ ኽረኽቡ ምኽኣሎም የሐጒሰና እዩ።

እቲ ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ ኣብቲ እተመደበ ናይ ዕድመ ጕጅለ ንዘለዉ ኹሎም ቈልዑን መንእሰያትን ዝወሃብ እዩ። ኣብ ነሓሰ 2021፡ ካብ 2003 ክሳዕ 2015 እተወልደ ዝኾነ ይኹን ቈልዓ፡ ኣብ ቀዋምን እተወደበን ናይ መዘናግዒ ንጥፈታት ንምስታፍ ዝኽፈል 1000 ክሮነር ክረክብ ይኽእል እዩ። ኣብ እዋን ጽድያ (ኣብ ካልኣይ መንፈቕ ዓመት) ከኣ፡ ኣብቲ እተመደበ ናይ ዕድመ ጕጅለ ዘለዉ ኩሎም ቈልዑን መንእሰያትን ከም ብሓድሽ ናይ 1000 ክሮነር ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ ክረኽቡ እዮም። እቲ ገንዘብ ንኻልእ ወጻኢታት ንምሽፋን ክውዕል ኣይክእልን እዩ፣ ንስድራቤት ብቐጥታ ኣይክፈልን እዩ፣ እቲ ናይ ቀውዒ ንጽድያ ክቕመጥ ወይ ክመሓላለፍ ኣይክእልን እዩ፣ ንኻልእ ሓው ወይ ሓብቲ እቲ ቘልዓ ክትጥቀመሉ እውን ኣይከኣልን እዩ። ከመይሲ፡ ኣብቲ እተመደበ ናይ ዕድመ ደረጃ ዘሎ ነፍሲ ወከፍ ቈልዓ ናይ ገዛእ ርእሱ ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ ክረክብ እዩ።

እቲ ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ ነየናይ ንጥፈታት ክትጥቀመሉ ከም እትኽእል ንምፍላጥ፡ ናብ ወብ ሳይት [lilllehammer.aktiv-fritid.no](http://lilllehammer.aktiv-fritid.no) ኣቲኻ ርአ። ኣብቲ ወብሳይት ከኣ፡ እቲ ቘልዓ ኣብቲ ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ከም ዘለዎ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ፣ ናይ ቀዋምን እተወደበን ናይ መዘናግዒ ንጥፈታት ክትከፍል ፋክቱራ እንተ መጺኡካ፡ እቲ ፋክቱራ ዝሰደደልካ ናይ መዘናግዒ ትካል ኣብቲ ፕሮጀክት ዝሳተፍ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ነቲ ፋክቱራ በቲ ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ ጌርካ ክትከፍሎ ትኽእል ኢኻ። እቲ ናይ ውሉድካ ናይ መዘናግዒ ንጥፈታት ኣብቲ ዝርዝር እንተ ዘየልዩ፡ ነቲ ትካል ናብ [fritidskortet@lillehammer.kommune.no](mailto:fritidskortet@lillehammer.kommune.no) ጽሒፎም ኣብቲ ፕሮጀክት ክሳተፉ ክሓትቱ ኸም ዝኽእሉ ሓብሮም።

ኣብቲ ወብሳይት ክትምዝገብ ከለኻ፡ ኖሽክ ቡክሞል ከም ቛንቛኻ ምረጽ፣ ምስ ተመዝገብካን ናብቲ ወብሳይት ምስ ኣቶኻን ግና ኒኖሽክ፡ እንግሊዝኛ፡ ሶማሊ ወይ ዓረብ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ምናልባት እቲ ወብሳይት ድሕሪ ግዜ ናብ ካልእ ቛንቛታት ይትርጐም ይኸውን። ኣብቲ ናይቲ ወብሳይት ኣማራጺታትካ መተዓራረዪ (ሰቲንግ) ኣቲኻ፡ ምሉእ ጽሑፍ (full tekst) ክተንብብ ወይ ከኣ «ብቐሊል ዝንበብ» (lettlest tekst) ዝብል ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ድሕሪኡ ንነፍሲ ወከፍ ንጥፈታት ዘመልከት ምልክት ክትሓሪ ትኽእል ኢኻ። እተፈላለየ ትካላት ዘእትዋኦ ሓበሬታ ብኖርወጅያን እተጻሕፈ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብዛዕባ እቲ ፕሮጀክት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ ርአ፡-
[www.lillehammer.kommune.no/fritidskortet](http://www.lillehammer.kommune.no/fritidskortet).